ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ المفوضية الوطنية الإرترية للتغيير الديمقراطي
Eritrean National Commission For Democratic Change

# ፖሎቲካዊ ሽማግለ
## <u>ንፖሎቲካዊ ሰነዳት ዝምልከት ሓበሬታ</u>

ብቀዳምነት ፖሎቲካዊ ሽማግለ ህዝብና ኣብቲ ፖሎቲካዊ ሰነዳት ዘርኣዮ ዓቢ ተገዳስነትን ምትሕብባርን የመስግን። ብ29/06/2011 ፖሎቲካዊ ሰነዳት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ንምውራድ ዝምልከት ዝተዘርግሐ ምልክታ ብምዝኽኻር፡ ጥቅሙ ንምዕማቕ ነዚ ዝስዕብ ከነረጋግጽ ንፈቱ።

1. ቅድሚ ዝኾነ ሰነድ ምዝርግሑ ኣፈጻጽማ ጽማቕ በብሓደ ክዝራጋሕ'ዩ። ንሱ ከኣ ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ ሰነድ ሓፈሻዊ ኣንፈቱ ንምንጻርን ሓጺር ስእሊ ንምሃብን ዝሕግዝ'ዩ።

2. ኩሉ ሰነዳት ኣብ ዕላዊ መርበብ ሓበሬታ ሃገራዊ ኮምሽን www.encdc.com ብቀዳምነት ብክልቲኡ ዕላዊ ቋንቋታት ክዝርጋሕ ምኻኑ ብድሕሪ ምርግጋጽ፡ ብድሕሪኡ ብቋንቋ እንግሊዘኛ ክስዕብ'ዩ። ትዕዝብቲ ግዱሳት ዜጋታት ዝቕበለሉ ኣድራሻ ኢ-መይል ከኣ እዚ ዝስዕብ (politicalcomm10@gmail.com) ምኻኑ ነረጋግጽ።

3. ኣብ መጀመርያ ሰነዳት ፖሎቲካዊ ቻርተርን መሪሕ ሓሳብን ክዝርጋሕ'ዩ።

4. ግዱሳት ዜጋታት ኣብ ሰነዳት ክህልዎም ዝኽእል ትዕዝብቲ ንጽሩን ኣብ ትሕዝቶ ጥራሕ ዝተሞርኮሰን ክኸውን ንምሕጸን።

5. ንትርጉም ዝምልከት ምናልባት ገለ ጌጋታት ምስ ዘጋጥም ሃገራዊ ኮምሽን ንዕኡ ንምእራም ድልውነቱ እናረጋገጸ፡ ብቕዓትን ድልውነትን ዘለዎም ኣሕዋት ምትሕብባሮም ብልቦና ክቕበል ምኻኑ የረጋግጽ።

6. ነፍሲ ወከፍ ሓሳብን ትዕዝብትን ክህብ ዝደሊ ዜጋ፡ ሓሳብ ወትሩ ሓላፍነትን ሓደራን ክሳብ ዝኾነ ብቀጥታ ምእንቲ ርኽብ ንምግባርን ካብ ዓቕምታቱ ንምጥቃምን ምሉእ ስሙን ንጹር ኣድራሽኡን ቁጽሪ ስልኩን ክጽሕፍ ኣገዳሲ ምኻኑ ንሕብር።

7. ፖሎቲካዊ ሽማግለ ኩሉ ዝመጾ መማረጺ ሓሳባትን ርእይቶታትን ብድሕሪ ምግምጋም፡ ንምምዕባል ንድፊ ሰነዳት ክጥቀመሎም ምኻኑ ይሕብር።

ዓበይቲ ሃገራዊ ጉዳያት ናብ ኣድማዒ ፍታሕ ንምብጻሕ ሓቀኛ ድሌትን ባህግን ምስ ዝህሉ ወትሩ ሓሳብ ንሓሳብ ምስንናቕ ናብ ብሱል ዓይነታዊ ትሕዝቶ ዘብጽሕን ንሃገራዊ ዕዮ ንቅድሚ ዝደፍእን ጽቡቕ ኣጋጣሚ ምኻኑ ድማ ነረጋግጽ።

**ዓወት ንመስርሕ ደሞክራስያዊ ለውጢ!!**
**ዓወት ንሃገራዊ ጉባኤ!!**
**ስዕረትን ውድቐትን ንምልካዊ ስርዓት ኢሳይያስ!!**
**ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ስውኣትና!!**

*ዓሊ መሓመድ ሰዒድ*
*ኣቦ መንበር ፖሎቲካዊ ሽማግለ*
*ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ*
*07/04/2011*
www.encdc.com